መርሓባ 15 መጋቢት 64 ቶጎሩባ ሓበን
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ኣብ ቶጎሩባ ብመሪሕነት ኣቡ ርጀላ
ጀጋኑ ሰራዊት ሐርነት ዝወደቑላ
ንህዝቢ ኣበሲራ ንመግዛቲ ገዲፋ በሰላ..




ዉሑዳት ገጢሞም ምስ ብዙሕት
ሰራዊት ሐርነት ኣመዝጊቦም ዓወት
ንህዝብና ዓወት ንገዛእቲ ዘሰንበደት
ቶጎሩባ ንቃለስ ኣለና ንሐርነት
መራሒ ጭፍራ  ንሐዋሩ ክሳናበት..

መርሐባ 15 መጋቢት 64ን
ቶጎሩባ ናይ ህዝብና ዓባይ ሓበን
ድሕሪ ነጻናት ሐርነት ኣይረኸበን
ብኢሰያስ ዝመራሒኦም ኣትማን
ተመንጢሉ ናይ ህዝብና ስልጣን..

እዚ ካብ ኮነ ንተቓውሞ ክላቦ
ተሳማሚዕና ንህግደፍ ክንገጥሞ
ብስኒት ዓወት ቶጉሩባ ክንደግሞ..

ኣብ ዝኽሪ ቶጉሩባ ቃል ንእቶ
ክነተግብሮ ናይ ደሞክራሲ ሕቶ
ጅግንነት ስዉኣትና ሾዑ ክዝንቶ..

ቶጎሩባ ትብል ኣላ ኤርትራ  ጸምይዋ
መንእሰይ ቅሳነት ሲኢኑ ከይዱ ሓዲጉዋ
ምስ ህዝባ ትነብዕ ኣላ ፍትሒ ሓርቢትዋ..

*ቶጎሩባ መን እዮም እዛም ሰባት*
*ጀጋኑ ድሕሪ ነጻነት ዝቕበሩ ኣብ ስደት*
*ቃልስና ንናጽነት ንሐርነት እንበር ንባርት*
*ንምልኪ ህግደፍ ኣይተኸፈለን መስዋእትነት..*

*ህግደፍ ብዓመጽ ስልጣን ምስ ሓዘ*
*ከም ኤርትራዊያን ኣይረኣኹን ዝፈዘዘ*
*ዓገብ ዘይብል ደም ደቁ እንዳ ወሓዘ..*

*ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ቃልሲ*
*ቂመኛ ኢሰያስ ኮፍ ኢልዋ ኩርሲ*
*ኣንዶ ንስኻ ገዲፍና ንወስን ሎምሲ..*

*ዓቢ ኑኡስ ተቐበልቲ ሕድሪ ዓዋተ*
*ኣስላም ክስታን ሰብ ድርብ ሓሞተ*
*ደቂ ኤረይ ብዘይ ወዓል ሕደር ንዛተ*
*እጅገና ንሰብስቦ ጸረ ስርዓት ገበተ..*

*ኣነዶ ንስኻ ምትሕልላው ንግደፎ*
*ኢደይ ኢድካ ኢልና ንህግደፍ ነጽድፎ*
*ወሲና ብስነት ንበገስ ህዝብና ክትስፎ..*

*ድሕሪ ሐርበኛ ግርማይ ኪዳነ ወዲ ፍሊፖ የለን ዘረባ*
*ዓገብ እባ በሊ ቶጎሩባ እንታይ በዲልና እዚ ኹሉ ጸበባ*
*ኣብ ስንጭራ ሩባ ዝፈሰሰ ደም እንበር ኣይኮነን እኳ ጸባ*
*ተቃወምቲ ውድባት ዓመታት ሐሊፉ ኣብ ዘረባ ወስና እባ*
*መድሕን ህዝቢ ክንከውን ቃል ንእቶ ኣብ ዝኸሪ ቶጎሩባ..*

*ነዚ ውን በሉ እቋዕ ኣርከብናሉ*
*ኣቦይ ኣብርሃ ኣብ እርጋኑ ጸይቑሉ*
*ተስፋጽዮን ዶ ማይ ድጋም ደጊሙሉ..*

ኣስላም ክስታን ሐቢሮም ዝወደቑላ
ቆላ ከበሳ ህዝበይ ዓገብ ትብል ኣላ
ዓገብዩ ተኺሉ ንተሐኤ ክተልግቡላ..

ከምቲ ጅግና ስዉእ ሐምድ እድሪ ዓዋተ ዝበሎ
ደቂ ኤረይ ከበሳ ቆላ ኣነዶ ንስኻ ከይበልና ንዳሎ
ኣስላማይ ክስታናይ ንህግደፍ ካብ ሱሩ ክነቕሎ
ጸረ ድያብሎስ ሕጂ ልዕሊ ኹሉ ስኒት የድሊሎ..

ብዓወት ቶጎሩባ ብ91 ወጊሐ ለይቲ
ድሕሪ 30 ዓመት ተወሊዓ መብራህቲ
ታሪኽና ክተህስሱ ትብሉ ጸላም መዓልቲ..

መስከረም ንቶጎሩባ ወሊዳ
ሰብዓ ጸላም ተጎልቢባ
ኣብ 70 ተወሊዱ ኢሰያስ ሴባ
ደም ይነብዓ ኣሎ ንኤርትራ ህዝባ
ተቃውሞ ደንበ ተዋሃሂዳ እባ
ናብ ስራሕ ክንብገስ ያኣክል ዘረባ
ኣሰናይ መጻእኩም ትብል ኣላ ቶጎሩባ..

ኣቦሐጎታትና ኣራጋጊጾም እዮም ሐድነትና
ኣስላም ክስታን ቆላ ከበሳ ኢሎም ክፈላልዩና
እንግሊዝን ሃይለ ስላስየን ኣይከኣሉን ንኽብቱኑና
ሕጂ ውን ንጃንዳ ህግደፍ ኢድና ዘይሃብና ኣለና..

ካብ ሾምንተ ቢሄር ሾምንተ ኣውራጃ ዓገብ
ንተልእኾ ኣግእዛዊያን ክነፍሽሎ ንላዘብ
ንህግደፍ ምፍራስ ዩ ናይ ህዝብና መኽሰብ..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና